# ጋዜጣዊ መግለጺ፡ “ምልዓል እገዳ”




ኣብ’ዚ፡ እቲ ንልዕሊ ዕስራ ዓመታት ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝጸንዐ ዘይም’ኽኑይ እገዳታት ንኽለዓል ስጉምቲ ናይ ምውሳድ ተገዳስነት ከምዘሎ ዝእመተሉ ዘሎ ህሞት፡ ንታሪኽን ነቲ ዝበሃል ዘሎ ቅኑዕ ኣንፈት ንምትሓዝን፡ ንድሕሪት ተመሊስካ ዕቱብ ገምጋም ምክያድ ኣገዳሲ’ዩ።

ኣብ መወዳእታ 2009፡ ኣብ ቅንያት ‘ክሪስማስ’፡ ምምሕዳር ኦባማ ዝፈብረኮን ዝደፍኣሉን፡ ዝኾነ ጭብጢ ወይ መርትዖ ዘይነበሮ፡ ዝኾነ ሕጋዊ መሰርሕ ዘይተኸተለ ዓላቒ እገዳ፡ ብስም ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ተበዪኑ። መጐታዊ ኩነኔና፡ ሽዑ ኣዊጅና።

እቲ ዝገርም፡ ሽዑ — ናይ ፌደረሽን ሩስያ ወኪል ኣብ ኒውዮርክ፡ ንናይ ምምሕዳር ኦባማ ዓሎ’ቕ ብሙሉእ ኪድግፍ ከሎ፡ ናይ ቻይና ወኪል ከኣ ስማዊ ‘ኣብስተንሽን’ ኣብ’ቲ ግሁድ ዓሎ’ቕ ኣመዝጊቡ።

ድሕሪ ናይ 9 ዓመታት ኣዕናዊ ሳዕቤናት’ቲ ዓላቒ እገዳ፡ ኣብ 2018 “እገዳ ይለዓል ኣሎ” ምስ ተባህለ’ውን፡ ዋላ’ኳ ደንጒዩ ዝመጸ እወታዊ ስጉምቲ እንተነበረ፡ “የቐንየልና” ኣይበልናን። ምእንቲ ሓቂን ፍትሒን ክረጋገጽ፡ “ብቐደሙ ስለምንታይ እገዳ?” ኪምለሽ ኢና ጠሊብና። ዛጊት ከኣ ኣይተመለሸን። ንሽባብ ዝድግፍ ዝነበረን ዘሎን መን’ዩ? ናይ ዓላቒ እገዳታት ተሓታቲ ኸኣ፡ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ይቕረብ!

ከም መቐጸልታ ዝምቡዕ ሕርያታት፡ ምምሕዳር ባይደን ንኣመሉ፡ ኣብ 2021 ዓላቒ ዘይሕጋዊ በይናዊ እገዳታት ወሲኑ። ጭንቀትን ቅርሕንቲን ዘበገሶ ዓሎቕ’ዩ ነይሩ። ኣብ ሰዓቱ ኸኣ ተኹኒኑን ተመኪቱን።

ኣብ ዝሓለፈ መዓልታት፡ ምምሕዳር ባይደን ዝበየኖ ዓልቃ እገዳ ተላዒሉ ተባሂሉ። ደጊምና ፍትሒ ይረጋገጽ። ደግሲ ባይደናት ከይመላለስ፡ ፍወሳ ዝምቡዕ ፖሊሲታት ይገበር።

ኣብ’ዚ ቅንያት’ዚ፡ እቲ ብሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝተበየነ ዘይሕጋዊን በይናዊን እገዳታት ኣብ ቀረባ ግዜ ክለዓል’ዩ ዝብል ጸብጻባት ኣሎ። እዚ ስጉምቲ’ዚ፡ ነቲ ግጉይ ፖሊሲታት ብዘላቕነት ብምእራም፡ ፍትሒ፡ ሕጋውነትን ርትዕን ዘረጋግጽ ክኸውን ተስፋ ንገብር።

**ሚኒስትሪ ዜና**

ኣስመራ

6 ግንቦት 2026